

# ዲ.ድኣኬ

ብ12 ሓዋርያት ናብ ኣህዛብ ዝተሰብከ
ናይ ጐይታ ትምህርቲ

# ዲድኣኬ-ትምህርቲ

## ብዓሰርተ ክልተ ሓዋርያት ናብ ኣህዛብ ዝተሰብከ ናይ ጐይታ ትምህርቲ

**መእተዊ**

በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ አሐዱ ኣምላክ ኣሜን። ዲድኣኬ ማለት ቃል ብቃሉ ካብ ዲዳስኬን ዝብል ናይ ግሪክ ቃል ዝተወሰደ ኮይኑ፣ "ትምህርቲ ምምሃር" ማለት እዩ። ኣብ ምዉዳእ ቀዳማይ ክፍለ ዘመን ኣብ ሶሪያ ከም ዝተጻሕፈ ዝእመነሉ፣ ሓዋርያዊ ሕጊ ዝሓዘ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጽሑፍ እዩ። ብፍላይ ንዓና ንኦርቶዶክሳዉያን፣ ኣዝዩ ጠቓሚ መወከሲታት ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ። ከም በዓል ቅዱስ ኤዉሳብዮስ ዘቂሳርያ (324 ዓ.ም. ናይ ቤተክርስቲያን ናይ ታሪክ ኣቦ)፡ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘእስክንድርያ (367 ዓ.ም.)፡ ከምኡ ዉን ቅዱስ ሮፊኖስ (380 ዓ.ም.) ዝኣመሰሉ ናይ ቤተክርስቲያን ኣቦታት፣ ስም እዚ መጽሓፍ ጠቒሶም ንረኽቦም። ዋላኳ ኣብ ዝርዝር ቀኖና መጽሓፍቲ ሓድሽ ኪዳን ኣይእቶ፣ ሓዋርያዊ ሕጊታት ዝሓዘለ ኣዝዩ ጠቓሚ ቅዱስ ሰነድ ምኳኑ ግና ዘይከሓድ ሓቂ እዩ።

መብዛሕቶኦም ናይ ታሪክ ተመራመርቲ ንዲድኣኬ ካብ 80 – 110 ዓ.ም. ከም ዝተጻሕፈ ይእመኑሉ። ሓዋርያት ናብቶም ኣብ ከባቢ ሶሪያ፡ ግብጺን፡ ፍልስጤምን ዝነበሩ ኣህዛብ (ካብ ወገን ዓሌት ኣይሁድ ዘይነበሩ ግን ብክርስቶስ ዝኣመኑ) ዝጸሓፍዎ፣ መሰረታዊ ሕጊ ክርስትና ዝሓዘ መጽሓፍ እዩ።

እቲ ኦርቶዶክሳዊ ሓርበኛ ተባሂሉ ዝተጸዉዐ፣ ቅዱስ ኣትናቴዎስ ዘሓዋርያ ነዚ መጽሓፍ`ዚ ብሓደስቲ ክርስቲያናት ክንበብ ይምዕድ ነበረ። ምክንያቱ መሰረታዊ ሕጊ ክርስቲና ሓዘል ትምህርቲ ስለዘለዎ እዩ።

እዚ መጽሓፍ 16 ምዕራፋት ዘለዎ ኮይኑ፣ ብሓፈሻ ኣብ ክልተ ክንመቕሎ። ቀድሞት 6 ምዕራፋት፣ ኣብ መንጎ ክልተ መንገዲ፣ መንገዲ ሞትን ህይወትን ዘሎ ፍልልይ ብምንጽጻር ይምህረና። እቲ ትምህርቲ ድማ ኣዝዩ ጥንታዊን መጽሓፍ ቅዱሳዊ ሕጊታትን ዝሓዘለን እዩ። ዕላምኡ ድማ ናብ ክርስቲና እምነት ንዝተጸምበሩ ሓደስቲ ምእመናን መበገሲ ሕጊታት ከኾኖም ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ።

እቲ ካልኣይ ክፋል ድማ ብዛዕባ፣ መግቢ፡ ጾም፡ ጸሎት፡ ጥምቀትን፡ ቁርባንን ዝሓዘ ኮይኑ፣ ንመራሕቲ ቤተክርስቲያንን፣ ነቶም ሓደስቲ ኣመንቲ እንታይ ዓይነት ትጽቢት ከሕድሩ ከምዝግባእ፣ ዝተጻሕፈ እዩ። ኣብ ዉሽጡ ዉን ቅዳሴ ዝመስል ጽቡቕ ጸሎት ንረክብ። ብዛዕባ "ሓዋርያትን"፣ "ነብያትን" ዝምልከት ሕጊዉን ኣሎ። ኣብ መጽሓፍ እዚ፣ ነብያትን ሓዋርያትን ተባሂሎም ዘለዉ፣ ናይ ትምህርቲ፡ ናይ ክህነትን፡ ትንቢት ናይ ምንባይ ኣገልግሎት ዝነበሮም እዮም

ኣብ ኣርባዕተ ክንመቕሎም

1. ቀዳማይ ክፋል ካብ ምዕራፍ 1-6፣ ብዛዕባ ክልተ ኣንጻራዊ መንገዲ ዝሕብር ኮይኑ፣ ሞትን ህይወትን እንዳዛመደ ትምህርቲ ይነግር።
2. ካልኣይ ክፋል ካብ ምዕራፍ 7-10፣ ብዛዕባ ጾም፡ ጥምቀት፡ ቁርባን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ስርዓት ይነግረና።
3. ሳልሳይ ክፋል ካብ ምዕራፍ 11-15፣ ብዛዕባ ስብከት ወንጌልን ብዛዕባ እቶም ካብ ሃገር ናብ ሃገር እንዳ ተጓዓዙ ዝምህሩን ይነግር።
4. ራብዓይን መወዳእታን ክፋል ምዕራፍ 16፣ ብዛዕባ ምጽኣት ጐይታ ይዛረብ።

## ዲድኣኬ- ትምህርቲ ሓዋርያት

ቀዳማይ ክፋል ብዛዕባ ክልተ መንገዲ

መንገዲ ህይወት

1. ክልተ መንገዲ ኣለዋ፣ ሓንቲ ናብ ህይወት ተብጽሕ፣ እታ ሓንቲ ድማ ናብ ሞት ተበጽሕ። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ መንገዲታት ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ፍልልይ ኣሎ። ናብ ህይወት ትመርሕ እዚኣ እያ። [2] ብቀዳምነት፣ ነቲ ዝፈጠረካ እግዚአብሔር ኣምላኽ ከተፍቅሮ ይግብኣካ። እታ ካልኣይቲ ድማ፣ ንብጻይካ ከም ነፍስኻ ከተፍቅር ይግባእ። ነቲ ኣባኻ ክበጽሕ ዘይትደልዮ ነገር፣ ንስኻ ዉን ኣብ ካልእ ኣይትግበር። [3]. እምበኣር እቲ ግቡእ ትምህርቲ እዚ እዩ። ንዝረግሙኹም መርቑ፣ ምእንቲ ጸላእትኹም ጸልዩ፣ ምእንቲ ሰጎግትኹም ድማ ጹሙ። ንዝፈትዉኩም እንተፈቶኹም፣ እንታይ ጥቅሚ ኣለዎ? ኣህዛብ (ዘይኣመንቲ) ዶ ከምኡ ይገብሩ ኣይኮነን? ነቶም ዝጸልኡኹም እንተፍቐርኩምም ግና፣ ሽዑ ጸላእቲ ዘበሃሉ ኣይክህልወኩምን እዮም። [4]. ካብ ስጋዊን ዓለማዊን ፍትወት ረሓቑ። ኣብ የማናይ መልታሕትኩም ንዝወቅዓኩም፣ ጸጋማይ ወገንኩም ምለስሉ። በዚ ፍጹም ክትኮኑ ኢኹም። ሓደ እመት ንኽትከዱ እንድሕሪ ጎቲትኩም፣ ክልተ እመት ምስኡ ኪዱ። ነጸላኹም ንዝወሰደልኩም፣ ካቦትኹም ዉን ሃብዎ። ናትኩም ዘበለ ንብረት ምስ ዝዉሰደኩም፣ ክምለሰልኩም ኣይትሕተቱ። ክትመልስዎ ኣይኮነልኩምን እዩ። [5].ንዝሓተተኩም ዘበለ ሃቡ፣ ክምለሰልኩም ድማ ኣይትሕተቱ። ምክንያቱ ኣቦ፣ ካብ ኩሉ ሃብቱ ንኹሎም ብልግሲ ህያባት ክዕደል ይፎቱ እዩ። ብሓቂ እቲ ብመሰረት ሕጊ ኣምላኽ ህያባት ዝህብ ሰብ (ምጽዋት ዝህብ ሰብ) ብጹእ እዩ፣ ምክንያቱ ንሱ በደል የብሉን። እቲ ዝቕበል ግና ወይልኡ፣ እቲ ስእነት ሃልዩዎ ዝቕበል በደል የብሉን፣ እቲ ስእነት ከየጓነፎ ዝቕበል ግና፡ ንምንታይ ከምዚ ተቐበለ ጸብጻብ ክህብ እዩ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኮይኑ፣ ስለቲ ዝገበሮ ኩሉ ግብሪታት ክምርመር እዩ፣ ነታ ናይ መወዳእታ ሳንቲም ክሳዕ ዝፈዲ ድማ ኣይክወጽእን እዩ። [6]. ብዛዕባ'ዚ ዝምልከት ከምዚ ዉን ተባህለ፣ ንመን ክወሃብ ከም ዝግባእ ክሳዕ እትፈልጥ ድማ፣ ኩሉ ምጽዋትካ ዘበለ ካብ ረሃጽ ኢድካ ይኹን።

2. ካልኣይ ሕጊ ናይዚ ትምህርቲ እዚ እዩ። [2]. ኣይትቕተል ኣይትዘሙ፣ ንኣወዳት ከተራኽስ ኣይግባኣካን፣ ክትምንዝር ኣይፍቀደካን፣ ብጾታዊ ስምዒት ግብረ ፍኑው ኣይትኹን። ኣይትስረቕ፣ ሽሑርን ኣስማትን ጥንቆላን ኣይትግበር። ጥንሲ ብምስዳድ ንህጻን ኣይትቕተል፣ ምስ ተወልዱ ዉን ክትቐትሎም ኣይግባኣካን። [3]. ቤትን ንብረትን ጎረቤትካ (ብጻይካ) ኣይትመነ፣ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ካልኦት ብሓሶት ክምስክሩ ዉን ኣይትድለ፣ ክፉእ ኣይትዛረብ፣ ቂም ድማ ኣይትሓዝ። [4]. ክልተ መልሓስ ናይ ሞት መፈንጠራ እያ እሞ፣ ክልተ ዝመልሓሱን ክልተ ዝሓሳቡን ኣይትኹን። [5]. ዘረባኻ ሓሶት ወይ ድማ ተግባር ዝጎደሎ ባዶ ኣይኹን፣ ብተግባር ዝተሰነየ ደኣ ይኹን እምበር። [6]. ስሱዕ፡ ዘማቲ (ሰራቒ)፡ ግቡዝ፡ ቁጡዕ፡ ወይ ድማ ዕቡይ ኣይትኹን። ኣንጻር ጎረቤትካ ክፉእ ኣይትምሃዝ። [7]. ንማንም ሰብ ኣይትጽላእ፣ እንተኾነ ግና ንገሊኦም መዓድ፣ ምእንቲ ገሊኦም ጸልይ፣ ምእንቲ ገሊኦም ድማ ልዕሊ ሰድራቤትካ ኣፍቅሮም።

3. ወደየ፣ ካብ ኩሉ ክፉእ ነገርን፡ ንዑኡ ዝመሳሰልን ረሓቕ። ምኽንያቱ ሕርቃን ናብ ምቕታል ስለዘብጽሕ፣ ኣይትቆጣዕ። [2]. ቀናእ፡ ተቛያቒ፡ ወይ ዉን ሓራቕ ኣይትኹን፣ ምኽንያቱ ቀተልቲ ነፍሲ ከምዚ ስለዝኾኑ። [3]. ዉሉደይ፣ ስጋዊ ፍትወት ናብ ዝሙት ክመርሓካ ስለዝኽእል፣ ካብ ስጋዊ ፍትወት ረሓቕ። ጽዩፍ ዘረባ ኰነ ዓይንኻ ምጽቃጥ ኣይተዘዉትር፣ ምኽንያቱ እዚ ኹሉ ዘመዉቲ ስለዘዘዉትርኦ። [4]. ነዚ ምስትገብር ናብ ኣምልኮ ጣኦት ክትወድቕ ስለትኽእል፣ ዉሉደይ፡ መጻኢ ነገር ክትግምት ኢልካ ኣይትፈትን። ደጋሚ፡ ዛዕጎል ቆጻሪ፡ ኮኮብ ቆጻሪ፡ ወይ ድማ ኣስማተኛ ክትከዉን ኣይትፈትን፡ ዋላ ክትፈልጦም ኢልካ ናብኡ ገጽካ ኣይትጠምት፣ ምኽንያቱ ነዚ ምስትግበር ናብ ኣምልኮ ጣኦት ክትኣቱ ኢኻ። [5]. ዉሉደይ፣ ሓሶት ናብ ስርቂ ክመርሓካ ይኽእል እዩ እሞ፣ ኣይትሓሱ። ስስዐን ከንቱ ዉዳሴን ኣይትፍቶ፣ እዚ ኹሉ ሰረቕቲ የዘዉትርዎ እዮም። [6]. ዉሉደይ፣ መማረሪ ኣይትኹን፡ ምክንያቱ ምምራር ናብ ጸርፊ ስለዝመርሕ። ክሳዱ ተሪር ኣይትኹን፣ ክፉእ ሓሳብ ዉን ኣይትሕሰብ፣ እዚ ኹሉ ንጸረፍቲ ጠንቂ እዩ። [7]. የግዳስ የዋህ ኩን፣ ምክንያቱ የዋሃት ምድሪ ክወርስዋ እዮም። [8]. ዕጉስ፡ ተደናጋጺ፡ ኣበር ዘይብሉ፡ ሱቕ በሃሊን ዝተማሃርካዮ ቃል እትፈርሕ ኩን። [9]. ገዛእ ርእስኻ ልዕል ልዕል ኣይተብል፡ ናብ ነፍሲኻ ዉን ትዕቢት ኣይተእቱ። ብትሕትናን ጽድቂን ደኣ

*ተመላለስ እምበር፡ ነፍስኻ ኣብ ኣዝዩ ዓበይቲ ነገር ክትጠብቅ ኣይትግበር። ዘጋጥመካ መከራ ኩሉ ብሓጎስ ክትቅበሎ ይግብኣኻ፣ ምክንያቱ ዝኾነ ነገር ብዘይ እግዚአብሔር ኣምላኽ ፍቓድ ኣየጋጥምን እዩ።*

4. ዉሉደይ ነቲ ቃል ኣምላክ ዝመሃረካ፣ ለይትን መዓልትን ዘክሮ፣ ከም ጐይታ ጌርካ ዉን ኣኽብሮ፣ ምኽንያቱ ኣብቲ ጐይትነት እግዚአብሔር ዝንገረሉ ቦታ፡ ኣብኡ ጐይታ ኣሎ። [2] ብዘይካዚ ዉን፣ በቲ ናታቶም ቃል ዕረፍቲ ምእንቲ ክትረኽብ፡ መዓልታዊ ንቅዱሳን ሰባት ከታናድዮም ኣለካ። [3] ፍልልይ ዝበሃል ኣይትፍጠር፣ እ኿ደኣ ነቶም ዝከራኸሩ ሰባት ክትዓርቆም ይግባኣካ። ብጽድቂ ፍረድ፣ ብዘይ ኣፈላላይ ዉን ንዝበደለ ሰብ ክትግስጾ ይግብኣካ። [4] በቲ ትገብሮ ድማ ጥርጥር ኣይተሕድር፣ ክኸዉን ድዩ ወይስ ኣይክኸዉንን ኣይትበል።

[5]*ኢድካ ንክትቕበል ዘይኰነሲ፣ ንክትህብ ዘርግሓዮ።* [6] ግድን ኮይንኻ እንተተቐበልካ ግና፡ ስለ በደልካ ካሕሳ ክትከፍል ይግባኣካ። [7] ንክትህብ ኣይትወላወል፣ ክትህብ እንኮለኻ ዉን ኣይተጉረምርም፣ ምክንያቱ ናይቲ ኹሉ ሰናይ ግብርኻ ዓስቢ ዝህበካ ሕያዋይ ጐይታ መን ምዃኑ ትፈልጥ ኢኻ። [8] ካብቲ ዝልመነኻ ነዳይ ገጽካ ኣይትምለስ፣ ንሓዉኻ ኣብ ኩሉ ነገርካ ተማቓሊ ግበሮ፣ “እዚ ናተይ ጥራይ እዩ” ድማ ኣይትበል። ምኽንያቱ ኣብቲ ዘይሓልፍ ነገር ተማቓሊ ካብ ኾንካሲ፣ ክንደየናይ ደኣ ኣብቲ ሓላፊ ነገር ተማቓሊ ዘይትኸዉን?

[9]ንኣወዳትካን፡ ኣዋልድካን ኢድካ ኣይትኽልኣዮም፣ እኳ ደኣ ካብ ንእስነቶም ፍርሃት እግዚአብሔር ክትምህሮም ይግብኣካ። [10] ነቶም ከማኻ ኣብ እግዚአብሔር ዝእመኑ፣ ባሮትካ፡ ኣገልገልቲኻን ይኹኑ ሞግዚታትካን፣ ብቁጥዐ ክትእዝዞም ኣይግባኣካን፣ ከምዚ ብምግባርካ ነቲ ኣብ ልዕሊ ክልቴኹም ዝገዝእ እግዚአብሔር ኣምላኽ ካብ ምፍራሕ ከቋርጹ ምክንያት ክኾኖም ይኽእል። ንሱ (እግዚአብሔር) ናብ ደቂ ሰባት ዝቐርብ ብመጠን እቲ ዘለዎም ክብሪ ርእዩ ዘይኰነሲ፣ እንታይ ደኣ ናብቶም መንፈሶም ድሉው ዝኾነ ሰባት እዩ ዝቐርብ። [11]ንስኹም ኣንቱም ባሮት ድማ፣ ነቶም ጐይቶትኩም ልክዕ ከም ኣምላኽ ብፍርሒን ብራዕዲን ክትግዝእዎም ይግባእ። [12] ኩሉ ግብዝናን፣ ኩሉ ነቲ ንኣምላኽ ባህ ዘየብል ነገር ክትጸልእ ይግባእ። [13]ካብ ሕጊ እግዚአብሔር ፈጺምካ ኣይተልግስ፣ የግዳስ ነቲ ዝተቐበልካዮ ሕጊ ኩሉ ክትፍጽም ይግባኣካ፣ ካብቲ ዝተቐበልካዮ ሕጊ ኣምላኽ ገለ ኣይትወስኽ፡ ገለ ዉን ኣይተጉድል። [14] ኣብ ቤተክርስቲያን ሓጢኣትካ ክትናዘዝ ይግባእ፣ ብርኹስ ሕልና ድማ ኣብ ጸሎት ኣይትሳተፍ። እዚ መንገዲ ህይወት እዩ።

*መንገዲ ሞት*

5. ናብ ሞት ዝመርሕ መንገዲ ግና እዚ እዩ። ብቐዳምነት፣ ርኹስን መርገም ዝመልኦን እዩ። ቅትለት፡ ኣመንዝርነት፡ ስጋዊ ፍትወት፡ ዝሙት፡ ስርቂ፡ ኣምልኮ ጣኦት፡ ሽሑር፡ ጥንቆላ፡ ምዝራፍ፡ ብሓሶት ምምስካር፡ ግብዝና፡ ክልተ ልቢ ምዃን፡ ምትላል፡ ትዕቢት፡ ድርቅና፡ ተንኮል፡ ስስዐ፡ ሓሶት ምዝራብ፡ ቅንኢ፡ ድፍረት፡ ገዛእ ርእስኻ ልዕል ምባል፡ ትምክሕቲ፡ ንሕያዎት ሰባት ምስዳድ፡ ንሓቂ ምጽላእ፡ ንሓሶት ምፍታዉ፡ ዓስቢ ጽድቂ ዘይምፍላጥ፡ ናብ ሰናይ ነገር ዘይምክታል፡ ኣብ ናይ ጽድቂ ፍርዲ ዘይምሕባር፡ ንሰናይ ነገር ሓዲግካ ንክፉእ ግብሪ ምንቃሕ፡ ካብ ሕያዉነትን ትዕግስቲን ምርሓቅ፡ ከንቱ ነገር ምፍታው፡ ንድኻ ዘይምድንጋጽ፡ ካሕሳ ምድላይ፡ ነቲ ኣብ ጻዕሪ ዘሎ ሰብ ዘይምሕላይ፡ ፈጣሪኦም ዘይምልላይ፡ ቀተልቲ ህጻናት[1]፡ ፍጥረት ኣምላኽ ዘራኽሱ፡ ኣብ ድኻ ገጾም ዝመልሱ፡ ነቲ ዝተበደለ ዝጸቕጡ፡ ንሃብታማት ዝጣበቑ፡ ንድኻ ዘይፍትሓዊ ፍርዲ ዝህቡ፡ ብጠቕላላ ሓጢኣተኛታት ኢዮም። ደቀየ ካብ ከምዚ ዘበለ ነገራት ክትርሕቁ ይግባእ።

*መደምደምታ*

6. ማንም ሰብ ካብዚ መንገዲ ጽድቂ ከየርሕቀኩም ተጠንቀቑ፡ ምኽንያቱ ካብ መንገዲ እግዚአሔር ክፈልየኩም እዩ ዝምህረኩም ዘሎ። [2] ምኽንያቱ ንኹሉ ኣርዑት ጐይታ ክትስከምዎ እንድሕሪ ክኢልኩም፣ ፍጹማን ክትኾኑ ኢኹም፣ ንኹሉ ኣርዑት ክትስከምዎ እንድሕሪ ዘይክኢልኩም ግና፡ ዝዓቕምኹም ተሰከሙ።

[3] ብዛዕባ ብልዒ ዝምልከት ግና፣ መጠን እቲ ዝከኣለኩም ነቲ ሕጊ ሓልዉ፣ ሓንቲ ግና ካብ ንጣኦት ዝተሰዉኣ ስጋ ፍጹም ንኸይትበልዑ ብኹሉ መንገዲ ተሓለዉ፣ ጣኦት ህይወት ዘይብሎም ኣማልኽቲ እዮም።

---

[1] እዛ ነጥቢ ንጥንሲ ምስዳድ ተመልከት

## ካልኣይ ክፋል፣ ስርዓት ቤተክርስቲያን

### ጥምቀት

7. ብዛዕባ ጥምቀት፣ ኩሉኹም ክትጥመቁ ይግባእ። ቅድም ነዚ ኹሉ ይድገምዎ፣ ደሓር ግና ኣብ ፈሳሲ (ከያዲ) ማይ[2]፣ *ብስም ኣብን፡ ወልድን፡ መንፈስ ቅዱስን* ኣጥምቅዎም። [2.]ፈሳሲ ማይ እንድሕሪ ዘይተረኺበ ኸኣ፣ ኣብ ዝኾነ ማይ ኣጥምቅዎም፣ ዝሑል ማይ እንድሕሪ ዘይተረኸበ ኣብ ዉዕይ ማይ ኣጥምቅዎም። [3.]እዚ ኹሉ እንድሕሪ ዘይተረኸበ ግና፣ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን ሰለስተ ግዜ ማይ ኣብ ርእሶም ኣፍሲስኩም ኣጥምቅዎም። [4.]ቅድሚ ጥምቀት ግና፣ እቲ ዘጥምቕ ኣገልጋሊን፡ እቲ ተጠማቃይን፡ ካልኦትን[3] ይጹሙ፣ ብፍላይ ነቲ ተጠማቓይ ንሓደ ወይ ድማ ንኽልተ መዓልቲ ክጸዉም ኣዝዞ።

### ናይ ጾም መዓልታትን ጸሎትን

8. ክትጾሙ እንኮሎኹም ከምቶም ግቡዛት[4] ዝገብርዎ ኣይትግበሩ፣ ንሳቶም ኣብ ካልአይቲን (ሰኑይ) ሓሙሽይቲ (ሓሙስ) መዓልቲ ናይ ሶሙንን ይጾሙ። ንሕና ግና ኣብታ ራብዐይቲን (ሮብዕ) ሻዱሽይቲን (ዓርቢን) መዓልቲ ናይ ሰሙን ኢና እንጸዉም። [2.] ክትጽልዩ እንኰለኹም ዉን ከምቶም ግቡዛት ዝጽልይዎ ኣይትጸልዩ፣ የግዳስ ከምቲ ጐይታ ኣብ ወንጌል ዝኣዘዞ ከምዚ ኢልኩም ጸልዩ፣ *ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና ስምካ ይቀደስ፣ መንግስትኻ ትምጻእ፣ ፈቓድካ ከምቲ ኣብ ሰማያት ከምኡዉን ኣብ ምድሪ ይኹን፣ ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና፣ ንሕና ንዝበደሉና በደሎም ከም ዝሓደግናሎም በደልና ሕደገልና፣ ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር ኣብ ፈተና ኣይተእትወና፣ መንግስትን ሓይልን ክብርን ምስጋናን ንዘለዓለም ናትካ እዩ እሞ፣ ኣሜን።* [3.] ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ግዜ ጸልዩ።

### ቁርባን[5]

9. ንምስጋና ቁርባን (ህብስቲን ወይኒን) ዝምልከት ድማ፣ ኩሉ ግዜ ኣመስግኑ። [2.] መጀመርታ ንጽዋእ (ወይኒ/ደም) ዝምልከት እዩ፣

*ኦ ኣቦና፣ ነቲ ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢልካ ናባና ዝገለጽካዮ፣ ናይ ወድኻ ዳዊት ቅዱስ ተኽሊ ወይኒ[6] ነመስግነካ ኣለና፣ ክብርን ሓይልን ንዘለዓለም ዓለም ናትካ እዩ፣ ኣሜን።*

[3.] ብዛዕባ ሙቑራስ ህብስቲ (ስግኡ) ዝምልከት ድማ፣

*ኦ ኣቦና ነቲ ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢልካ ዝገለጽካዮ ህይወትን ፍልጠትኻ[7] ነመስግነካ ኣለና፣ ክብርን ሓይልን ንዘለዓለም ዓለም ናትኻ እዩ፣ ኣሜን።*

[4.] *ከምዚ እዚ ዝተቖርሰ ህብስቲ ኣብ ጎቦታት ፋሕ ኢሉ፣ ምስ ተኣከበ ድማ ሓደ ዝኸዉን፣ ከምኡ ድማ ቤተክርስቲያንካ ካብ ኩሉ ጫፍ ዓለም ናብ መንግስትኻ ትተኣከብ። ክብርን ሓይልን ናትኻ እዩ፣ ብኢየሱስ ክርስቶስ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።*

[5.] ጐይታ ባዕሉ፣ *ነቲ ቅዱስ ነገር ነኻልብ ኣይትሃብ ስለዝበለ፣* ብዘይካ እቶም ብስም ጐይታ ዝተጠመቑ እንድሕሪ ዘይኰይኑ፣ ማንም ካልእ ካብዚ ቁርባን ኣይብላዕን ካብዚ ጽዋእ ዉን ኣይስተን።

---

[2] ከያዲ ማይ ማለት ፈለግ ወይ ድማ ዉሕጅ ማለት እዩ።

[3] ካልኦት ኣገልገልትን ስድራቤትን

[4] ግቡዛት ዝብሎም ዘሎ፣ ብክርስቶስ ንዘይኣመኑ ኣይሁዳዉያንን ከምኡ ዉን ነቶም ብክርስቶስ ዝኣመኑ ክነሶም ሕጊ ኣይሁድ ዝስዕቡ እዩ

[5] ኣብዚ ምዕራፍ`ዚ፣ «*ክብሪን ሓይሊን ንዘለዓለም ዓለም ናትኻ እዩ፣ ኣሜን።*» ዝኣመሰሉ ሓሳብት ተደጋጊሙ ንረኽቦ ኢና። እዚ ብምእመናን ዝምለስ ተሰጥኦ እዩ።

[6] ተኽሊ ወይኒ ተባሂሉ ዘሎ፣ በቲ ሓደ እቲ ንቤተክርስቲያን ዝምግባ ናይ ጐይታና መድሓኒና ኢየሱስ ክርስቶስ ደም የመልክት፣ በቲ ካልእ ድማ ንሕብረት ምእመናን የመልክት «ጒንዲ ወይኒ ኻብ ግብጺ ኣውጻእካ፣ ኣህዛብ ሰጒግካውን ተኸልካያ።» መዝ 80፡8 ተባሂሉ ከምዝ ተጻሕፈ።

[7] ህይወትን ፍልጠትን ተባሂሉ ዘሎ፣ ዘለኣለማዊ ህይወት (ዮሃ 3፡15)፡ ከምኡ ዉን ፍልጠት ኣምላኽ «ንብርሃን ፍልጠት ናይ ኣምላኽ ክብሪ ብገጽ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ኣብርሆ።» 2ይ ቆሮ 4፡6። እዚ ኹሉ ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ናባና ናብ ደቂ ሰባት ዝተዋህበ ህያባት እዩ። እዚ ጸሎት`ዚ ካብ ኣይሁድ ስርዓት ዝተወርሰ እዩ።

10. ምስ ጸገብኩም፣ ከምዚ ኢልኩም ኣመስግኑ፣

*2.ኦ ቅዱስ ኣቦና እግዚአብሔር፣ ስለቲ ኣብ ልብና ክሓድር ዝገበርካዮ ስምካን፣ ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣቢልካ ዝገለጽካዮ ፍልጠት፡ እምነትን ዘለዓለማዊነትን ነመስግነካ ኣለና። ንዘለዓለም ንዓኻ ክብሪ ይግባእ።*

*3.ንስኻ ኩሉ እትኽእል እግዚአብሔር፣ ምእንቲ ቅዱስ ስምካ ኢልካ ንኩሉ ነገር ፈጠርካ። ምእንቲ ከመስግኑኻ ድማ፡ ንሰባት ዝብልዕን ዝስተን ትህቦም። ንዓና ድማ ብጸጋኻ መንፈሳዊ መግብን መስተን ከምኡ ዉን ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘለኣለማዊ ህይወት ሂብካና። 4.ልዕሊ ኹሉ ግና ፍጹም ሓያል ብምዃንካ ነመስግነካ ኣለና። ንዘለዓለም ንዓኻ ክብሪ ይግባእ።*

*5.ኦ ጐይታ ንቤተክርስቲያንካ ኩሉ ግዜ ዘክራ፣ ካብ ክፉእ ኣድሕና፣ ብፍቕርካ ፍጹም ግበራ፣ ነቶም ንጹሃት ናብቲ ንስኻ ዘዳለኻዮ መንግስቲ ኣክቦም። ክብርን ምስጋናን ንዘለዓለም ዓለም ንዓኻ ይኹን።*

*6.ጸጋ[8] ይምጻእ፣ እዛ ዓለም ድማ ትሕለፍ። ሆሳእና ንዳዊት ኣምላኽ፣ ንጹህ ዝኾነ ይቕረብ፣ ንጹህ ዘይኮነ ይነሳሕ። ማራንኣታ[9] (ኦ ጐይታ ንዓ) ኣሜን።*

7.እቶም ነቢያት[10] ግና፣ ከምቲ ንሳቶም እኹል ዝመሰሎም ምስጋና ከመስግኑ ፍቐዱሎም። ብዛዕባ እቲ ቅብኣት ድማ ከምዚ ኢልኩም ኣመስግኑ፣

*ኦ ኣቦ፣ ነቲ ብኣገልጋሊኻ[11] ኢየሱስ ክርስቶስ ዝገለጽካልና ቅዱይ ቅብኣት ነመስግነካ ኣለና፣ ንዘለዓለም ዓለም ንዓኻ ክብሪ ይግባእ! ኣሜን።*

## ቅኑዓት *መማህራን*

11. ስለዚ ማንም ሰብ ናባኹም መጺኡ ነዚ ቅድም ዝበልናዮ እንድሕሪ ምሂርኩም፣ ተቐበልዎ። 2.ኮይኑ ግና እቲ መምህር፣ ንርእሱ ካብቲ ቅኑዕ ትምህርቲ ኣልጊሱ፣ ንዓካትኹም ዉን ካብዚ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ካልእ ዲድኣኬ (ትምህርቲ) ዝምህረኩም እንድሕሪ ኮይኑ፣ ኣይትቀበልዎ። እቲ መምህር ዝምህሮ ትምህርቲ ንጽድቂ ህይወት ዘተባብዕን፣ ፍልጠት ጐይታ ዘዕብይን እንድሕሪ ኮይኑ ግና፣ ከም ጐይታ ጌርኩም ተቐበልዎ።

3.ሕጂ ከኣ ብዛዕባ ሓዋርያትን ነብያትን ከምቲ ወንጌል ዝህበና መምርሒ፣ ከምዚ ግበሩ። 4.ናባኹም ዝመጽእ ሓዋርያ፣ ልክዕ ከም ጐይታ ጌርኩም ተቐበልዎ፣ 5.ግና ግድን ኣድላዪ እንድሕሪ ዘይኮነሲ ልዕሊ ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ኣይጽናሕ። ልዕሊ ስለስተ መዓልቲ እንድሕሪ ጸኒሑ ንሱ ሓሳዊ ነቢዩ እዩ። 6.ሓደ ሓዋርያ ካብ ዓዲ ክለቅቕ እንከሎ፣ ብዘይካ እታ ንሓንቲ ለይቲ ዘድልዮ ስንቂ እንድሕሪ ዘይኮይኑ ካልእ ኣይቀበል። ገንዘብ እንድሕሪ ሓቲቱ፣ ንሱ ሓሳዊ ነብዩ እዩ።

7.ሓደ ነብዩ ብመንፈስ ተመሊኡ፡ ቃላት ክዛረብ ምስ ጀመረ፣ ማንም ካባኻትኩም ነቲ ነቢዩ ክፍትኖ ኰነ፡ ካብኡ መረጋገጺ ክደሊ ኣይፈትን፣ *ኩሉ ሓጢኣት ክሕደገልኩም እዩ፣ ከምዚ ዝበለ ሓጢኣት ግና ኣይኽሕደገልኩምን እዩ*[12]*።* 8.ኮይኑ ግና ብመንፈስ ዝዛረቡ ዘበሉ ኩሎም፣ ከም ናይ ጐይታ ህይወትን ኣካይዳን እንድሕሪ ዘይብሎም፣ ነቢያት ኣይኰኑን። ብጠባያቶም ኢኹም፣ ነቶም ሓቀኛ ነብያት ካብቶም ሓሰዉቲ ነብያት ክትፈልይዎም ትኽእሉ። 9.ስለዚ ሓደ ነብዩ፣ ብመንፈስ እንከሎ ዝብላዕ መግቢ እንድሕሪ ሓቲቱ፣ ካብቲ መግቢ ኣይክበልዕን እዩ፣ እንድሕሪ በሊዑ ግና፣ ንሱ ሓሳዊ እዩ። 10.ከምኡ ዉን ሓደ ነብዩ፣ ዝምህሮ ዘበለ ትምህርቲ ኩሉ ሓቂ ክነሱ፣ ንርእሱ ግና ነቲ ዝምህሮ ዘይገብሮ እንድሕሪ ኰይኑ፣ ንሱ ሓሳዊ እዩ። 11.ካልእ ዉን ሓደ ብኩሉ ህይወቱን ትምህርቱን ሓቀኛ ኮይኑ ዝተረኽበ ነብዩ፣ ኣብ ዓለም ሚስጢር ቤተክርስቲያን ዝፍጽም፣ ኮይኑ ግና ካልኦት ነቲ ናቱ ኣብነት ህይወት ክስዕቡ ዘይምህር እንድሕሪ ኮይኑ፣ ማንም ሰብ ኣብ ልዕሊ`ዚ ነብዩ ፍርዲ ኣይፍረድ። ነዚ ነብዩ ኣምላኽ ጥራይ እዩ ፈራዲኡ፣ እቶም ናይ ቀደም ነቢያት ዉን

---

[8] ጸጋ ማለት ናይ ክርስቶስ ስም እዩ። ጐይታ ባዕሉ ጸጋ ተባሂሉ ይጽዋዕ

[9] ብኣራማዩክ፣ «ጐያታና ንዓ» ማለት እዩ። ካብ ቅዱስ ጳዉሎስ መልእኽቲ ካብ ራእይ ዮሃንስን ዝተወሰደ ናይ ጥንቲ ክርስቲያናዊ ጸሎት እዩ (1 ቆሮ 16፡22 ራእ 22፡20)

[10] *መማህራን*

[11] ኣብ ጸሎታት ገሊኡ ትርጉም፣ «ብወድኻ ኢየሱስ ክርስቶስ» ይብሎ፣ ኣብ ገሊኡ ትርጉሙ ድማ «ብኣገልጋሊኻ ኢየሱስ ክርስቶስ» ይብሎ

[12] ምኽንያቱ ነቲ ነቢዩ ብመንፈስ ተመሪሑ ዝዛረቦ ነገራት ምጥርጣር ማለት፣ ንመንፈስ ቅዱስ ምጽራፍ እዩ። ምክንያቱ ኣብቲ ነብዩ ሓዲሩ ዕዮ ዝዓዩ ባዕሉ መንፈስ ቅዱስ እዩ።

ተመሳሳሊ ነገር ጌሮም እዮም[13]። [12]ከምኡ ዉን ሓደ ነብዩ፣ ብመንፈስ ተመሪሑ "ገንዘብ ሃቡኒ" ወይ ድማ ነዚ ዝመስል ምስ ዝዛረብ፣ ኣይትስምዕዎ። ኮይኑ ግና ኣብ ክንዲ ካልኦት ድኻታት፣ ገንዘብ ክወሃብ ምስ ዝሓትት፣ ማንም ኣይፍረዶ።

12. ነቲ *ብስም ጐይታ ዝመጽኣኩም* ኲሉ ገያሻይ ተቐብልዎ። ምሳኹም ምስ ጸንሐ ድማ ኣጸቢቕኩም የማኑን ጸጋሙን ክትፈልጥዎ ኢኹም። [2]ኮይኑ ግና ሓላፋይ መንገዲ ጥራይ እንድሕሪ ኰይኑ፣ ብዅሉ ዝከኣለኩም ሓግዝዎ። ግድን ኮይኑ ምሳኻትኩም ዘጽንሖ ምኽንያት እንድሕሪ ሃልዩዎ ድማ፣ ካብ ክልተ ወይ ሰለስተ መዓልቲ ንላዕሊ ኣይጽናሕ። [3]ኣብ ማእከልኩም ክነብር እንድሕሪ መሪጹ ግና፣ ክእለት እንተሃልዩዎ ወይ ድማ፡ ሸቀጥ ዝኽእል እንድሕሪ ኮይኑ፣ ሰሪሑ ይብላዕ። [4]ሸቀጥ ዘይክእል እንድሕሪ ኮይኑ ግና፣ በቲ ዘለኩም መጠን ክእለት ብኸመይ ዘበለ ኣገባብ ሰሪሑ ነብሱ ይኽእል መርሚርኩም፣ ከም ክርስቲያን ሰሪሑ ክበልዕ እምበር ብትህኪት ከይነብር ሓገዝዎ። [5]ብኸምዚ መንገዲ ክመላለስ እንድሕሪ ዘይመሪጹ ግና፣ እዚ ሰብ`ዚ ብስም ክርስቶስ ዝሸቅጥ እዩ`ሞ፣ ንኸምዚ ዝመሰለ ሰብ ኣስተብህሉሉ።

13. ኣብ መንጎኹም ክነብር ዝደሊ ነብዪ እንተሃልዩ፣ ቀለቡ ክትህብዎ ግቡእ እዩ። [2]ኣብ ማእከልኩም ክቕመጥ ዝደሊ መምህር እንተሃልዩ ዉን፣ ከምቲ ንዝሰርሕ ሰብ ቀለቡ ዝግብኦ፣ ነቲ መምህር ዉን ቀለቡ ክትቕርቡሉ ግቡእ እዩ። [3]ናይ ወይንኹም ይኹን ናይ እኽልኩም ቀዳማይ ምህርቲ፣ ናይ ከብትኹምን ኣባጊዕኩምን ዉን ቀዳማይ ዉጽኢት፣ ቅድም ነቲ ነብዩ ሃብዎ። ምኽንያቱ ኣብ ማእከልኩም ዝርከቡ ሊቃነ ካህናትኹም ንሳቶም እዮም። [4]ነብያት እንድሕሪ ዘይብልኩም ግና፣ ንድኻታት ሃብዎ። [5]ሕብስቲ (እንጌራ) እንድሕሪ ሰንኪትኩም፣ "ናይ መጀመርያ ፍረኹም" ወሲድኩም፣ ከምቲ ሕጊ ዝእዝዞ ከምኡ ሃቡ። [6]ከምኡ ዉን ጆሪካን ወይኒን ወይ ጆሪካን ዘይቲ እንድሕሪ ጾሚቕኩም፣ "ናይ መጀመርያ ፍረኹም" ወሲድኩም ነቲ  ነብዩ ሃብዎ። [7]ከምኡ ዉን ካብ ገንዘብኩም፡ ክዳዉንትኹምን፡ ኲሉ ሃብትኹም፣ ከምቲ ንዓኹም ብቑዕ ኮይኑ ዝተሰምዓኩም "ናይ መጀመርያ ፍረኹም" ዘበለ ወሲድኩም፣ ከምቲ ሕጊ ዝእዝዞ ሃቡ።

14. ኣብ መዓልቲ ጐይታ[14] ኲሉኹም ተኣከቡ፣ ህብስቲ ቁረሱ፡ ቁርባን ዉን ኣቕርቡ፣ ቅድሚኡ ግና ምእንቲ መስዋእቲኹም ንጹህ ክኸዉን ሓጢኣትኩም ተናዘዙ። [2]ምስ ብጻዩ ዝተባእሰ እንተሃልዩ፣ ቅድሚ ምስቲ መባእስቱ ምትዕራቑ፣ ናብ ቁርባን ፍጹም ክቐርብ ኣይግብኦን፣ እንተዘይኰይኑ መስዋእትኹም ከራኽሶ እዩ። [3]መስዋእቲ ኢሉ ጐይታ ዝተዛረቦ ብዛዕባ እዚ እዩ፣ *"ኣነ ዓቢይ ንጉስ ስለዝኾንኩ፣ ኣብ ኲሉ ግዜን ኣብ ኲሉ ቦታን ንጹህ ዝኾነ መስዋእቲ ኣቕሩቡለይ፣ ይብል እግዚአብሔር። ስመይ ዉን ኣብ ኲሉ ህዝቢታት ግሩም እዩ።"*

15. ንዓኻትኩም ዘገልግሉ፣ ብቑዓት፡ ትሑታት፡ ፈታው ገንዘብ ዘይኰኑን፡ ቅኑዓትን፣ ዝኾኑ ጳጳሳትን ዲያቆናትን ሕረዩ። እዚኣቶም ናይ ነብያትን መማህራንን ኣገልግሎት ዝፍጽሙ እዮም። [2]ከም ተራ ሰባት ጌርኩም ዉን ኣይትንዓቕዎም፣ ከም መማህራንን ነቢያትን ማዕረ ክብሪ ኣብ መንጎኹም ክትህብዎም ይግባእ።

[3]ከምቲ ኣብ ወንጌል ዘንበብኩሞ፣ ነንሕድሕድኩም ተኣራረሙ፣ የግዳስ ብሕርቃን ዘይኰነሲ ብሰላም ግበርዎ። ነቲ ንብጻዩ ሕማቕ ዝገብር ሰብ ኣይተዛርብዎ፣ ክሳብ ጌግኡ ኣሚኑ ዝንሳሕ ዉን ካባኻትኩም ቃል ዝበሃል ክሰምዕ የብሉን። [4]ኣብ ኲሉ ትገብርዎ፡ ኣብ ጸሎትኩምን ኣብ ምጽዋትኩም ዉን፣ ከምቲ ኣብ ወንጌል ጐይታ ተጻሒፉ ዘሎ ከምኡ ግበሩ።

16. ንህይወትኩም ኲሉ ግዜ ሓልዉዋ፣ ብርሃንኩም ክትጠፍእ ኣይትሕደግዎ፡ ሕቘኩም ዉን ዕጡቕ ይኹን፣ ምክንያቱ ጐይታ በየነይቲ ሰዓት ከም ዝመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ፣ ኲሉ ግዜ ተዳሊኹም ንበሩ። [2]ገዛእ ነፍስኹም ብመንፈሳዊ ነገራት ክትሃንጽዋ ኲሉ ግዜ ተኣኸቡ፣ ምኽንያቱ ክሳብ መወዳእታ ሰዓት ፍጹማት ኰይንኩም እንተዘይጸናሕኩም፣ እቲ ቀደም ዘሕልፍኩሞ ናይ እምነት ህይወትኩም ኣይክጠቕመኩምን እዩ።

[3]ኣብቲ መወዳእታ ዘመን ሓሰዉቲ ነብያትን መታለልቲን ክበዝሑ እዮም፣ ብዙሓት ኣባጊዕ ዉን ናብ ተዃሉ ክቕየሩ እዮም፣ ፍቕሪ ናብ ጽልኢ ክትቅየር እያ። [4]ክፍኣት ኣብ ምድሪ ስለዝበዝሕ ድማ፣ ሰባት ነንሕድሕዶም ክጻልኡን፡

---

[13] ናይዛ ነጥቢ መልእክቲ ክትርድኦ ቅሩብ ክብድ ይብል፣ "ኣብ ዓለም ሚስጢር ቤተክርስቲያን ዝፍጽም" ኢሉ ዝገልጾ፣ እሞ ድማ ናይ ቀደም ነብያት ከምኡ ይግበሩ ተባሂሉ ተገሊጹ ዘሎ፣ እንታይ እዩ። ምናልባት እዚ ነገር ከምቲ ነብዩ ሆሴእ ዝገበሮ፣ መልእክቲ እግዚአብሔር ናብታ ዘማዊት ሃገረ እስራኤል ከመሓላልፍ ኢሉ፣ ዘማዊት ሰበይቲ ዝተመርዓወ፣ ወይ ድማ ከምቲ ነብዩ ኤልያስን መጥምቀ መለኮት ዮሃንስ ዝገበርዎ ብድንግልና ምንባር ክኸዉን ይኽእል፣ ወይ ድማ ከምኦም ሃብተ ትንቢት ዝተዋህባ ነብዩት ምምርዓው ይኸዉን። ምናልባት እቲ ኣብ ዓለም ሚስጢር ቤተክርስቲያን ዝፍጽም ተባሂሉ ዘሎ፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ክኸዉን ይኽእል። ስለዚ እቲ ነብዩ ንከምዚ ዓይነት ነገራት፣ ካልኦት ክስዕብዎ ስለዘይመሃረ ማንም ሰብ ክፈርዶ ኣይግባእን።

[14] መዓልቲ ጐይታ ማለት ሰንበተ ክርስቲያን እያ።

ክከሓሓዱን እዮም፣ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ከሳድዶ እዩ። ሽዑ እቲ ናይ ዓለም መስሓቲ ከም ወዲ ኣምላኽ መሲሉ፣ ተኣምራትን
ምልክታትን እንዳገበረ ክግለጽ እዩ፣ ምድሪን ንዕዑ ኣሕሊፋ ክትዋሃቦ እያ፣ ካብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ተገይሩ ዘይፈልጥ
ኣዝዩ ርኹስ ነገራት ድማ ክገብር እዩ። 5.ሽዑ ሰባት ናብ ሓዊ ፈተና ክኣትዉ እዮም፣ ብዙሓት ዉን ክስሕቱን ክወድቑን
እዮም፣ እቶም ብእምነቶም ክሳብ መወዳእታ ዝጸንዑ ግና ብእኡ በቲ መርገም[15] ባዕሉ ክድሕኑ እዮም።
6.ብድሕሪ'ዚ ምልክት ናይቲ ሓቂ ክግለጽ እዩ፣ ቅድም ሰማያት ክኽፈቱ እዮም፣ ብድሕሪኡ ድምጺ መለከት ክስማዕ እዩ፣
ኣብ ሳልሳይ ድማ ሙታን ክትንስኡ እዮም፣ 7.ግን ኩሎም ኣይኮኑን። ከምቲ ጽሑፍ ዝብሎ፣ *"ጐይታ ምስ ኩሎም ቅዱሳኑ
ክመጽእ እዩ።"* 8.ጐይታ ድማ ብደመና ሰማይ ተጻዒኑ ብግርማ ሓይላትን ስልጣናትን ክመጽእ እንከሎ ዓለም ክትርእዮ
እያ፣ ንኩሉ ሰብ ዉን ብሓቀኛ ፍትሒ፣ ኣብ ቅድሚ ሰባትን መላእኽቱን፣ ገግብሩ ክፈርዶ እዩ። ኣሜን፡

[15] ኣብዚ "መርገም" ተባሂሉ ተጸዊዑ ዘሎ፣ "ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኮይኑ" ተባሂሉ ዝተነግረ፣ ንክርስቶስ እዩ ዘመልክት።